# ሓጺር ጸብጻብ ልዝብ ኣባላት ኣኼባ ዓለምላኻዊ ተበግሶ

ዓለምላኻዊ ተበግሶ ንምድንፋዕ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራውያን (ብኣሕጽሮ ዓለምላኻዊ ተበግሶ) ብነሓሰ 27, 2016 ልዝብ ምስ ደገፍቱን ኣባላቱን ዕውት ጉባኤ ኣቓኒዑ።

እቲ ጉባኤ ብመንገዲ ዕላል-የዕሩኽ (paltalk) ከምኡ'ውን ብናይ ስልኪ ዘተ (teleconference) እዩ ተቓኒዑ። ተጋባእቲ ካብ ኩሉ ኩርናዓት እዩም ተሳቲፎሞ። ንምጥቃስ ዝኣኽል ካብ ዴንማርክ፡ ስዊድን፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ጀርመን፡ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ፡ ሆላንድ፡ ብፍላይ ብዝሒ ተሳታፍነት ሃገረ እስራኤል ንኹሉ ተሳታፋይ ባህ ዘበለ እዩ ኔሩ። ተሳተፊቲ ድሕሪ ነብሶም ምልላዮም፡ ቀጺሉ ዝቐረበ ዛዕባ መእተዊ ብኣባላት ሓይሊ ዕማም ፕሮፌሰር ኣርኣያ ደበሳይ፡ ኣቶ ተወልደ ስእለ፡ ወ/ሮ ተኽኣ ዮውሃንስ፡ ኣቶ ዑቕባይ ገብረመድህን ብከምዚ ዝስዕብ ቀሪበ።

እቲ ዘይጸዓድ ልቢ ኤርትራዊ ከም ሓደ ኣካል ሰውነት ኮይኑ ሃገራውነት ጨንጕዑ፡ ዲሞክራሲ ከስተንፍስ፡ ዲሕሪ ከቢድ ዋጋ ኣሻሓት ስውኣት ከፊሉ። እንተኾነ ግን፡ ባህጉ ተመንጢሉ፡ ኣብ ክንዲ ዝሓሸ ሂወት፡ ሕልሙ ክጋሃደሉ ኣይካኣለን፡ ኤርትራዊ ሰብኣዊ መሰላትና ተቐንጢጡ፡ ሃገር ብሃገራ ኣብ ፍጹም ምልኪ ወዲቓ፡ ***“ከምቲ ኮሚሽን መርማሪ ዘቕርቦ ፧ህዝቢ ኤርትራ ብሕጊ ዘይኾነስ ብራዕዲ ይማሓደር ከም ዘሎ ኢዩ ጸብጻቡ ዘቕረበ”***። ንህዝቢ ኤርትራ ዝወርዶ ዘሎ ግፍዒ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ገጽ መሬት ተራእዩ ኣይፈልጥን። ስለዚኮነ ድማ ሰብኣዊ መሰል፣ ቁጠባዊ ጽላት፣ማሕበራዊ ኩነታትና ተባሕጊጉ ሃገረ ኤርትራ ሕጊ ይኹን ቁዋም ኣልባ ኾይና ተሪፋ ኣላ።

ብመራሕቲ ካቴሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ***“ሓውካ ኣበይ ኣሎ? ሓብትካ ኣበይ ኣላ?”*** ክብሉ ጻዊዒቶም ቐሪቦምልና። ከም ኩሉ ኤርትራዊ፡ ኣውያት ሲናይን፡ ቅዝፈት ሜዲተራኒያንን በጽቢጹና። እቲ ፍታሕ ድማ ንሕና ባዕልና ኤርትራውያን ኣብ ኢድና እዩ ዘሎ። ነዚ ዕማም ድማ ኤርትራዊ ክዓስሎ ከም ዝኽእ ሰላማዊ ሰልፊ ደገፍ ንመርማሪት ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ መላእ ዓለም ዝተካየደ ኣረጋጉጽልና ማፀንጣና ሽጥ ኣቢልና ድማ ተዓጢቕናሉ። ጉዳይ ሃገር ***“ኣነ እተዘይ ፈቲሔዮ መን ክፈትሓለይ፣ ሎሚ እንተዘይ ተዓጢቀ መዓስ እሞ ደኣ ክከውን”***

እዚ ኩሉ ኣደራዕ ዘጋጥመና ዘሎ ሃገርና ንምድሓን ዝግበር ቃልሲ ዘውሃህድ፣ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ ሕጋዊ መሪሕነት ዘይምህላዉ ምኳኑ ስለዝኣመና፡ ዓቕምን ጸጋታትናን ኣብ ወጻኢ ሃገራት እንርከብ ኤርትራውያን ኣብ ድሕነት ሃገርና ኽውዕል ይኽእል እዩ ዝብል እምነት ስለዘለና ተበጊስና።

ነዚ ንምግባር ድማ ሕጋዊ ቅቡልነትን መዝነትን ዘለዎ መሪሕነት፣ ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ ዝኣመተ ናይ መሰረታት (grass-root) ምንቅስቓስ ተጠርኒፍና ክንመርጾ ከምንኽእል ምሉእ እምነት ኣለና። ኣብ ወጻኢ ሃገራት ናይ ዝርከቡ ኤርትራውያን ሙሉእ ውክልና ዘለዎ ኣህጉራዊ መሪሕነት ንምምራጽ፣ ኩሉ ኤርትራዊ ብሄር፡ ሃይማኖት፡ ከባቢ፡ ጾታን ባህልን ከይፈለየ ከምዝሳተፍ ምርግጋጽ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ መስርሕ እዚ ኣብ ኩሉ ኤርትራውያን ዝርከብሉ ከተማታት፡ ሃገራትን ክፍለ-ዓለማትን ብግቡእ ክካየድ ኣለዎ።

ቐጺሉ ዝቐረበ ዛዕባ ዓለምላኻዊ ተበግሶ ካበይ ተበጊሱ ኣበይ ከ በጽሔ እንታይ ከ ዓመመ ዝብል ካብቲ ኣቐዲሙ ናብ ህዝቢ ዝተዘርገሐ ሰለስተ ሰነዳት ምርኩስ ብምግባር (1) ህጹጹ ጻዊዒት፡ (2) መደብ ትግባረ ንድፊ (3) ጻዊዒት ደገፍ ንመራሕቲ ሰልፈታት መሰረት ጌሩ፡ ኣብ ሰለስተ ገጻት ዘልዎ ትሕዝቶ ከምዝ ዝስዐብ ቐረበ።

ቀዳማይ ገጽ ሓይሊ ዕማም። ኣብ ኣወዳድባ ጋንታታት ዓለምላኻዊ ተበግሶ (Functional Teams)፡ ሓይሊ ዕማም ስራሓቱ ተማቓቒሉ ከዓሞ መታን ዝተፍላለያ ጋንታት እዩ ኣቑሙ። (1) ጋንታ ጽሓፍቲ - (2) ጋንጋ ጎስጓስን ውደባን (3) ጋንታ ዜናን ሓበሬታን (4) ጋንታ ገንዘብን ስንቅን - (5) ጋንታ ህዝባዊ ርክባት - (6) ጋንታ መጽናዕቲ - (7) ጋንታ ሕጋዊ ጉዳያት ከም ኡ እውን (8) ጋንታ ሓበሬታን ቴክኖሎጂን።

እቲ ካልኣይ ገጽ ድማ። ጎስጓስን ሓበሬታን መደብ (Public awareness and dissemination of information) እዚ ዕማም እዚ ኣብ መራኽቢ ቡዙሃን እንዳቐረብና ሓቤሬታ ኣብ ምዝርጋሕ ተታሓሒዝናዮ ዘለና ጉዳይ እዩ። ጎኒ-ጎኒ እዚ ድማ፡ ምስ ካልኦት ምስዚ ጥርናፈ ዝመሳሰሉ ጥርናፈታት ርክባትን ልዝብን ይቕጽል ኣሎ።

እቲ ሳልሳይ ገጽ ናይኩልና ዓቢ ስርሕ ዝሓትት ዘሎ ከባባዊ/ከተማዊ ውደባ (Ground mobilization) ንመራሕቲ ክንመርጽ ዘኽእል ምድላዋት እዩ።

እቲ ናይ መወዳእታ ዛዕባ ዝቐጸለ ሕቶን ሪኢቶን ካብ ተሳተፍቲ እዩ ኔሩ። ካብቲ ቡዙሕ ሕቶታት ዝቐረበ እዚ ዝስዕብ እዩ ኔሩ።

1. ሕቶ፣ ካብቲ ናብ ህዝቢ ዝተላእከ ደገፍ ሕቶ መራሕቲ ሰልፍታት እዩ ኔሩ። ካብቶም መራሕቲ ክንደይ መሊሶም እንታይ ከ በሉ?

   መልሲ፣ ዛጊት እቶም ዝበጻሕናዮም መራሕቲ መልሶም ኣዝዩ ዘተባብዕ እዩ ንኣባላቶም  ሱታፌኦም ከዕዝዙ ምኾኖም ቃል ኣትዮሙልና ኣለው። ገሊኦም ድማ ኣብ ናይ መሪሕነቶም ልዝብ ኣካይዶም ክምሉሱልና ሙኾኖም ቃል ኣትዮም ኣለው።

2. ሕቶ፣ ኤርትራዊ በርጌሳዊ ማሕበራት ኣለዋ፣ ነዘን ማሕበራት ንምርካብ ዝገበርኹሞ ጻዕሪ ኣሎ'ዶ? ምስተን ኣቀዲመን ዝቖማ በርጌሳዊ ማሕበራት ዓለምላኻዊ ተበግሶ እንታይ እዩ ፉሉይነቱ?

   መልሲ፣ (1) ዛጊት ቡዙሕ ርኽክብ ይግበር ኣሎ፣ ከም ኣብነት ምስ ኣብ ምዕራብ ጀርመን ዝርከብ “ናጻ ምንቅስቃስ ኤርትራዊያን ንዲሞክራሲ ኣብ ኤርትራ” ጻዊዕትና  ሰሚዖም ባዕላቶም ካብ ዝረኸቡና እዮም እቲ ልዝብና ምስኦም ክቕጽል እዩ። ኣብ ሃገረ ሆላንድ፣ ሽወደን፣ ዓባይ ብርጣንያ  ዝርከቡ ድማ ኣባላት ሓይሊ ዕማም ስለዘለው ብዑቱብ ንከታተሎ ኣለና። (2) ዓለምላኻዊ ተበግሶ ፉሉዩነቱ ከምቲ ስሙ ዝሕቡሮ ኣብ ሓደ ቦታ ተሓጺሩ ዝተርፍ ዘይኮነ ኣብ መላእ ዓለም ኤርትራዊ  ሕጋዊ ውክልና ዘለዎ መራሕቲ ክመርጽ ዝጽዕር እዩ፣ ዕማሙ ድማ ሓንሳእ ዓለማዊ መሪሕነት ምስተመረጸ ስርሑ የብቅዕ።

3. ሕቶ። ምስ መድረኽ እንታይ እዩ ፍልልይኩም፣ ዝምድንኡ ከ እንታይ እዩ?

   መልሲ፣  ኣብ ክንዲ ፍልልያት  ኣብቲ ሓድ ዝገብረና ኣድሂብካ ምስራሕ ስለዝበልጽ። ክልቴና ኣብ ኤርትራ ስርዓተ ሕግ ክነግስ እንጽዕር ወገናት እና፣ እዚ ድማ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ዓቅምና፣ ሓይልና፣ ጻዕርታትና ነቲ ገባቲ፣ ኣግላሊ ዲክተታራዊ  ሃገር ብሃገራ ኣብሕሰም ተቲትዋ ዘሎ ስርዓት ብሓደ ክንገጥሞ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ሓደ ይገብረና። እዚ ስለዝኾነ ድማ ኣባላቶም ነብሶም ወኪሎም ኣብ ዓለምላኻዊ ተበግሶ ክሳተፉ ይክእሉ፣ ዓለምላኻዊ ተበግሶ ድማ ንሰልፍታት ባይታ ዘጣጥሕ ኣካል ኸከውን ሙሉእ እምነት ኣሎና።

4. ሕቶ፣ ኣብ ንህዝቢ ዝተላእኸ ጽሑፋት ኣባላት ሓይሊ ዕማም ዓለምላኻዊ ተበግሶ ኣብ ምርጫ ኽኣትው ኣየፍቕድን ይብል፡ ስለዚ (1) እዚ ውሳኔ ካብ ሓላፊነት ምህዳም'ዶ ኣይመስልን? (2) ብቕዓት ዘለዎ ሓይሊ ሰብ ከም ምኽሳር'ዶ ኣይመስልን?

   መልሲ፣ እቲ ሓሳብ ሓይሊ ዕማም ዓለምላኻዊ ተበግሶ ስልጣን ናይ ምሓዝ ህቐና ከምዘይብሉ ንምንጻር፣ ኣብ ህዝቢ ድማ ጥርጣረ ከይፈጥር እሞ ተሳታፊነት ከይጎድል ብዝብል ሓሳብ እዩ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ፣ ድሓር ድማ ክሳብ ሓፋሽ ዝተበገሰ ቡዙሓት ኪኢላታት፣ ፈላጣት፣ በላሕቲ፣ ዓቕሚ ሰብ ከም ዘለዉ ድማ እምነት ኣሎና። እቲ ዋና ነገሩ ምትእምማት ተፈጢሩ፣ ሕልና እንተዓብዩ፡ መራሕቲ ይሳኣኑ ኣይንብልን። እቲ ካልእ ድማ ህዝቢ ባይቶታቱ ኣብ ዘቑመሉ እዋን ናቱ ሕጊ ክህልዎ ስለዝኾነ፣ እዚ ናትና መበገሲ ደኣ እምበር ቐያዲ ሕጊ እውን ኣይኾነን።

ዓለምላኻዊ ተበግሶ ሓይሊ ዕማም

31 August 2016